# 11. ትምህርቲ 2

ድሕሪ ናይ መባእታ ትምህርቲ elementary school ካኣ ተማሃሮ ወይ ናይ ሙያ ትምህርቲ ይማሃሩ ወይ ካኣ ናብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ secondary scool ይቕጽሉ ፡ እዚ መስልጠኒ ትምህርቲ ካኣ ክልተ ዓመት ይወስድ ። እቲ ማእከላይ ትምህርቲ ግን ሓሙሽተ ዓመት ይውስድ።ብፍላይ ኣብ ስዊዝ ነቲ መስልጠኒ ሙያ ትምህርቲ መብዛሕቱ ግዜ ግን ብለረ (Lehre) እዩ ዝጽዋዕ፡

እዚ ስልጠና ካኣ ሓውሲ ትምህርትን ሙያን እዩ ፡ ክሳብ ሰለስተ ወይ ካኣ ኣርባዕተ ዓመት ካኣ ይወስድ፡ ነዚ ስልጠና ዝዛዘሙ መን እሰያት ተማሃሮ ካኣ ብቕዓት ናይ ተኽኢክን ናይ ንግድን ሙያ ከም ዘሎዎም ዝገልጽ ናይ ብቕዓት ምስክር ወረቀት ይዋሃቦም።

ንመእተዊ ዩኒቨርስቲ ካኣ መንእሰያት መልቀቒ ፈተና ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ የድልዮም፡ ማለት እቲ ድሕሪ 12 ዓመት ትምህርቲ ደቂ 18 ወይ ካኣ 19 ዓመት ኮለው ዝዛዘምዎ ትምህርቲ ማለት እዩ። እዚ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ድማ ናብ ዩኒቨርስቲ ይመርሕ። ነጥቢ ዘይምጹኡ ተማሃሮ ካኣ ቀጥታ ኣብ ናይ ስራሕ ሙያ ክጅምሩ ይክእሉ እዮም፡ ክልተ ዓይነት ቀረብ ናይ ሙያ ትምህርቲ ካኣ ኣሎ፡ ሓደ ሓፈሻዊ መሰጋገሪ ትምህርቲ ሙያ ክከውን ከሎ ኣብዚ ድማ እቲ ደልዮ ሙያ ንጹርነትን ኩኑነትን ኣለዎ። እቲ ካል ኣይ ድማ ትምህርታዊ መሰጋገሪ ክከውን ከሎ ዝያዳ ካኣ ሕሳብን ቓንቓ የጣቕልል።

ንመበገሲ ኣብ ናይ ስራሕ ሕይወት ካኣ ናይ ሙያ ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ፡ ናይ ሙያ ትምህርቲ ወይ ካኣ ሓፈሻዊ መሰልጠኒ ሙያ ክትኣትው ካኣ ዝተፈላለየ መንገድታት ኣሎ፡መንእሰያት ካኣ እንታይ ክማሃሩ ከም ዝደልዩ ኣቀዲሞም ክሓስብሉ ይግባእ። ወለዲ ካኣ ን ደቅኩም ኣብ ምምራጽ ትምህርትን ኮነ ሙያን ክትሕግዝዎም ይግባእ።ብዛዕባ ናይ ዝተፈላለየ ሙያታት ምርጫ ካኣ ናብ ሓቤረታን ምክርን ኣብ ከባቢካ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ምክርን ሓቤረታ ተወከስ።

ዋላ ንዓበይቲ ከማን ኣብዚ ዞባ ክማሃሩ ይክእሉ እዮም፡ ዳርጋ ንኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ሙያ ንክትማሃር ካኣ ቓንቓ ኣድላይ እዩ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ሙያ ትምህርቲ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ካኣ ናብ ዓበይቲ መሰልጠኒ ሙያ ካንቶን ተወከስ፡ ኣብ ከተማ ባዝል ብ ኢንተርነት ኣድራሻ www.mb.bs.ch/ ናይ ባዝል ላንድ ካኣ www.febl.ch ሓፈሻዊ ሕቶ ብ ዛ ዕባ ሙያ ስለጠናን ካኣ www.berufsberatung.ch ብ19 ቓንቓታት ዝተጻሕፈ ሓቤሬታ ካኣ www.migraweb.ch ይርከብ።